# ጀጋኑ ሰዋእትና

እምብልና በሃልቲ ንወፅዓ ንግዝኣት
ድንብርፅ ዝይብሉ ሰብ ሓቦ ሰብ ፅንዓት
ፂሒፎም ከይኖም ብፍልጠት ብብቕዓት
ዓወት ብዓወት ኣብ ኩሉ መዳያት
መስሪቶም ሓሊፎም ዝደልይዎ ስርዓት ።

ሰብ ድርብ ስረ ጠበቓ ናይ ሕዝቢ
ኣብ ሕማቕ ኣብ ፅቡቕ ዝዓስሉ ከም ንህቢ ።

ጽኑዕ ዝዕምነቶም ተቀበልቲ ሕድሪ
እንትድለዩ መልኣኽ እንትደልዩ ነብሪ።

ኩሉ ኣውዲቕናዮ ኣባኹም እምነትና
ድላያ ክትረክብ ክትምዕብል ዓድና
ዓዲ ሣይንስ ክትኮን ዓዲ ፍልስፍና
መሊቖም ጠፊኦም ኣለዉ እንዳበልና።

ንኸትዕወት ወላድ ብዙሕ ተጸብያ
ኣብዙይ ክትበጽሑላ ብዙሕ ተመንያ
ታሪክ እንትትሰርሑ ብርሃን ዓይና ርዕያ
ናይ ብዙሓት ተሰፋ ክንዲ ኣዶ ከንደያ
ረኺቢት ጉድ ወላድ ንምሽቱ በኺያ ።

ዉዝፍ ስራሕቲ ገና እንደሃለዩ
ወሊድኩም ቆልዑ ገና ዝይዓበዩ
ዛንታኹም ንምፅሓፍ ዘይውዳዕዩ
ተይተሰናበተ ጀግና ይኸይድ ድዩ።

ንሰላም ንፍቕሪ ንሒወት ጥዕና
ንናብራ ቕሳነት ንዕብየት ሓገርና
ክንርከቦ ጀሚርና ንዓኻትኩም ሒዝና
ተጎዲዕኹም እምበር እንታይ ኮይና ንሕና
ጊኖት ኣይኮንኩምን ዕንቒዕ ኮንኩም ናህና ።

ከመይ እዩ ነይሩ ንገረና ባ ሓለፋይ
ከዋኽብቲ ምድሪ ፍርያት ናይ ትግራይ
ዕረፍቲ ዘየለ ጉያ ላዕላይ ታሕታይ
ህዝቢ እንዳበኸየ እንዳበለ ዋይ ዋይ
ዘይሓልፍ ኒሂ ዘይሓልፍ ስቓይ ።

ነዓኹም ክንመልስ እንተዝኾነልና
ዋጋ እንተዝህሉ ዝኸፈል ከፈልና
ብፀሎት ብምስጋድ ዋላ ተማህሊልና
ገና ዘይተኸፍለ ከቢድ ዕዳ ኣሎና
ንሓንቲ መዓልቲ ክትኮኑ ምሳና
ክነምስግነኩም ዕድል ምረኸብና ።

ትንሕንስ ብሓደ ትንሓዝን ሓቢርና
ደቒ ሓደ ኸብዲ መንከ ከፈልየና
ፅንዓት የሃባትኩም ፅንዓት የሃበና
ኣሰሮም ንከተል ናይዞም ኣሕዋትና።

ኣሰፋ ብርሃነ ካብ ሰያትል ዋሽንግቶን

10-09-2011